# BCGን ንኣሽቱ ህጻናትን

## ንኣሽቱ ህጻናት ካብ ሕማም ቲ.ቢ. ውሕስነት ከምዝረኽቡ ምግባር



ክታበት ንውላድካ ንምክልኻል
እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

**እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ነቲ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ነኣሽቱ ህጻናት ደቅና ካብ ሕማም ቲዩበርኩሎሲስ (ቲ.ቢ.) ንኽድሕኑ ተባሂሉ ዝዋሃብ ዘሎ ክታበት ቢ.ሲ.ጂ./BCG (Bacillus Calmette-Guerin) ዝምልከት እዩ።**

# ክታበት ቢ.ሲ.ጂ. እንታይ እዩ?

ክታበት ቢ.ሲ.ጂ.፡ እተዳኸሙ ባክተርያ (ጀርምታት) ሕማም ቲ.ቢ. ዝሓዘ እዩ። እተዳኸሙ ስለዝኾኑ፡ ሕማም ቲ.ቢ. ከስዕቡ ኣይክእሉን እዮም። ብኣንጻሩ፡ ደቅና ምናልባሽ መልከፍቲ ናይ ሕማም ቲ.ቢ.እንተኣጓነፎም፡ ኣካላቶም ነቲ ሕማም ናይ ምጽዋር (ናይ ምክልኻል) ዓቕሚ ደሊቡ ንኽጸንሕ ሓጋዚ እዩ።

# ሕማም ቲ.ቢ. እንታይ እዩ?

ሕማም ቲ.ቢ.፡ ኣብ ነኣሽቱ ህጻናት፡ ቲ.ቢ.-ዝጠንቁ መኒንጃይቲስ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል) ከስዕብ ዝኽእል ኣዝዩ ተላባዒ ሕማም እዩ። ኣብ ነኣሽቱ መንእሰያትን ዓበይትን ዝበዝሕ እዋን ንሳናቡእ ዘጥቅዕ ዓይነት ሕማም ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ጽክታት፡ ሓንጎልን ኣዕጽምትን እውን ክረአ ተኽእሎ ኣለዎ። ፍወሳ ሕማም ቲ.ቢ. ሓያለይ ኣዋርሕ ይወስድ። መብዛሕትኦም ኣብ’ዚ ሃገር እዚ ብሕማም ቲ.ቢ. ዝጥቅዑ ሰባት ሙሉእ-ብሙሉእ ዝሓውዩ እኳ እንተኾኑ፡ ቲ.ቢ.-ዝጠንቁ ነድሪ ሽፋን ሓንጎል ግን ቀታሊ ወይ ከቢድ ስንክልና ዘውርድ ክኸውን ይኽእል እዩ።

# ሕማም ቲ.ቢ. ብኸመይ ይለግበና?

ሳናቡኡ ወይ ጐረሮኡ ድሮ እተለኽፈ እሞ ዝስዕል ሰብ ጥራይ እዩ ሕማም ቲ.ቢ. ከማሓላልፈልና ዝኽእል። ከም’ዚ ዝኣመሰለ ሰብ ኣብ ዝስዕለሉ እዋን፡ ነዚ ጀርም እዚ ዝሓዙ ነኣሽቱ ነጠብጣባት



ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ዓመታዊ ቍጽሪ ተርእዮታት ሕማም ቲ.ቢ. ኣስታት 5000 ዝበጽሕ ክኸውን እንከሎ፡ ብገምጋም እቶም 60 ካብ`ዚ ኣብ ሰሜን ኣየርላንድ ዘጋጥሙ እዮም። ስለዚ፡ መልከፍቲ ከጋጥመና ተኽእሎ ኣሎ ማለት እኳ እንተዘይኰነ፡ ኵሉ ሰብ ብዛዕባ ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. ዝመጸ ኣፍልጦ ክህልዎ ግን ግቡእ እዩ። እዚ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ሕማም ቲ.ቢ. ብዓለም ደረጃ ኣዝዩ ተላባዒ ባህርይ ዘለዎ ስለዝኾነን፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓያለይ ዓመታት ተላባዒነቱ እናዛየደ ስለዝመጸን እዩ። ብዓለም ደረጃ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ናይ ዝገሹ ሰባት ቍጽሪ ውሑድ ብዘይ ምዃኑ፡ ኣብ`ተን ናብ ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዝያዳ እተቓልዓ ሃገራት ክሰርሑ ወይ ክቕመጡ ዝጸንሑ ሰባት በዚ ሕማም እዚ ክልከፉ ወይ ናብ ሃገራቶም ሒዞሞ ክመጹ ዘሎ ተኽእሎ ሓደጋ ዝያዳ እዩ ዝውስኽ።

## ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም?

ኣብ ግብሪ፡ ሕማም ቲ.ቢ. ንዝኾነ ይኹን ክፍሊ ኣካላት ናይ`ቲ ዝልከፍ ሰብ ክጸሉ ዝኽእል ስለዝኾነ፡ እቶም ምልክታቱ ካብ ንሓድሕዶም ዝፈላለዩ እዮም። ኣብ ነኣሽቱ ህጻናት ዝረኣዩ ምልክታት ናይ`ዚ ሕማም እምበኣር ካብ`ቶም ኣብ ዓበይቲ ዝኽሰቱ እተፈልዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ይኹን`ምበር፡ ሕማም ቲ.ቢ. ተላባዒ ስለዝኾነ፡ ኣብ ካልእ ሰብ ንዘርእዮም ምልክታት ከነለልዮም ክንክእል ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ህጻን ውላድና ድዩስ ኣብ ካልእ ኣባል ስድራ-ቤትና፡
ወይ ድማ ኣብ ፈታዊ(ት)ና፡ ሓደ ካብ`ዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ዘለዉ ምልክታት ምስዝረኣዩ፡ ንዶክተር ክንሕብር ይግባእ፦

- ንልዕሊ ሰለስተ ሰሙናት ዝቐጸለ ስዓል/ትኽትኽታ
- ኣካላዊ ረስኒ
- ምርሃጽ፡ ብፍላይ ኣብ እዋን ለይቲ
- ምንቍልቋል ክብደት ኣካላት
- ስምዒት ድኻም
- ኣብ እዋን ትኽትኽታ፡ ደም ከም ዓኻታ ምውጻእ።

ዝርዝር ናይ`ተን ናብ ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዝያዳ እተቓልዓ ሃገራት፡ ኣብ`ዚ ክርከብ ይከኣል፦ **www.gov.uk/government/publications/tuberculosis-tb-bycountry-rates-per- 100000-people**

## ንውላደይ ክታበት BCG ዝወሃበሉ ዘሎ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ልክዕ ከም ናይ ካልኦት ሃገራት፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ድማ ነቶም ካብ ሓፋሽ ንላዕሊ ብዝያዳ ምስ`ቶም

ብሕማም ቲ.ቢ. እተጠቕዑ ሰባት ምትንኻፍ ክህልዎም ይኽእል እዩ ዝበሃሉ ነኣሽቱ ህጻናት ክታበት BCG ይወሃብ እዩ። እዞም ህጻናት እዚኣቶም ልዑል ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ዘለዎ ከባቢ ዝነብሩ፡ ወይ ድማ ወለዶም ይኹኑ ወለዲ-ወለዶም ካብ`ተን ናብ ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዝያዳ እተቓልዓ ሃገራት ዝመጹ እዮም። እዚ ክታበት እዚ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ገንዘባዊ ክፍሊት ዝወሃብ ኰይኑ፡ ቈልዓ ውልድ ምስ በለ፡ ኣብ ሆስፒታል ወይ ናብ ገዝኡ ምስተላእከ ብቕልጡፍ ዝወሃብ እዩ።

## ውላደይ ብኸመይ እዩ ክኽተብ?

ክታበት BCG፡ ንደቅና፡ ብመልክዕ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽሞም ዝውጋእ መርፍእ እዩ ዝወሃቦም።

## ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣለውዎ ዶ፧

መርፍእ ክታበት ምስተወግአ፡ ሽዑ-ንሽዑ ኣብ`ቲ ዝተወግኣሉ ክፋል ዕንፉሩር ክወጽእ ክንዕዘብ ኢና።
እዚ፡ ክታበት ብዝግባእ ከምዝተዋህበ ዘመልክት እዩ።

ክታበት ድሕሪ ምውሃቡ፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ክልተ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙናት እዋን፡ ኣብ እተወግአ ክፋል ቆርበት ንእሽተይ ነጥቢ/ምልክት ክትፍጠር እያ። እዚ ንሒደት መዓልትታት ዘቘንዙ እኳ እንተኾነ፡ እንተዘይሽፈንናዮ ቀስ-ብቐስ ዝሓዊ እዩ። ንእሽተይ በሰላ ከትርፍ ተኽእሎ ኣሎ።

ሳሕቲ፡ ውላድና፡ ኣብ`ቲ መርፍእ እተወግኣሉ ክፍሊ ኣካላቱ፡ ናይ ቀረባ ጵፍሒ ጭዋዳታት ቃንዛ ከማዕብል ተኽእሎ ኣሎ። ቍስሊ ብዝነዝዕ ፈሳሲ ዝተሰነየ ምስዝኸውን እሞ ክሽፈን ኣድላዪ ምስዝኸውን፡ ቀጸላ ሽፋን ክሳብ ዘውጽእ ንቑጽ መጀነኒ ቍስሊ ደኣ`ምበር ፕላስተር ኣትንጠቐም። እዚ ቍስሊ እዚ ንኽሓዊ ናይ ገለ ኣዋርሕ እዋን እውን ክወስድ ይኽእል እዩ።

እንተተሻቒልና ወይ እቲ ቍስሊ ረኽሲ ዝገበረ ኰይኑ እንተተሰሚዑና፡ ነናብ ዝከታተሉና ዶክተራት ወይ ነርሰት ንቕረብ።

ኣዝዩ ሳሕቲ ዘጋጥም ደኣ`ዩ እምበር፡ እዚ ክታበት እዚ ኣካላዊ ቍጥዐ ከስዕብ ተኽእሎ ኣሎ፤ ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ክፋል ኣካላት ወይ ኣብ ሙሉእ ኣካላት ዝረአ ሽፍ ዝብል ዕንፉሩር ወይ ሰሓ። ካብ`ዚ ሓሊፉ፡ ሳሕቲ ኣብ ዝረኣዩ ክስተታት፡ ህጻናት ሓደገኛ ዝኾነ መልሰ-ግብሪ ናይ`ዚ ክታበት ከርእዩ ይኽእሉ እዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ ናይ ምትንፋስ ጸገም የጋጥሞም፤ ውኖኦም ክስሕቱ (ሃለዋቶም ከጥፍኡ) እውን ይኽእሉ። እዚ ተርእዮ እዚ ብሕክምና `እናፊላክሲስ` ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ቀረባ እዋን እተኻየደ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ፡ ክታበት ካብ ዝወስዱ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት፡ ኣብ ሓደ ሰብ እናፊላክሲስ የጋጥም። ናይ ኣካላዊ ቍጥዐ መልሰ-ግብርታት ዘሻቕሉ ኣይኰኑን ማለት እኳ እንተዘይኰነ፡ ብቕጽበት ክፍወሱን ሙሉእ-ብሙሉእ ክሓውዩን ዝኽእሉ እዮም።

# ውላደይ ክታበት BCG ክወስድ ዘይክእለሎም ምኽንያታት ኣለዉ ዶ?

ደቅና ሓደ ካብ`ዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ዘለዉ ተርእዮታት ምስዝህልዎም፡ መርፍእ ክታበት ደንጉዩ ክወሃቦም ይግባእ፡-

- ልዑል መጠን ኣካላዊ ረስኒ
- ስርዓተ-ምክልኻል-ሕማማት ናይ ኣካላት ዘዳኽም መስርሕ ፍወሳ ይከታተሉ ምስዝህልዉ፤ ንኣብነት ናይ መንሽሮ ወይ ካልእ ከቢድ ሕማም
- ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝነብሩ ምስዝኾኑ (ማለት ኣደ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. እትነብር እንተኾይና)
- ኣጠቓላሊ ጸገም ሕማም ቈርበት ምስዝህልዎም፤ ንኣብነት፡- ሕማም መበላይ (eczema)
- ብሕማም ቲ.ቢ. ተጠቒዑ ከይከውን ዝጥርጠር ወይ ሕማም ቲ.ቢ. ከምዘጥቅዖ ተረጋጊጹ ግን ከኣ ፍወሳ ዘይጀመረ ሰብ ምስ ዝርከበላ ስድራ-ቤት ክቕመጡ እንተኾይኖም። ከምኡ ምስዝኸውን፡ ምውሃብ ክታበት BCG ክውንዘፍ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል`ዩ – እዚ ጉዳይ እዚ ምሳኻ/ኺ ክዝተየሉ እዩ።

# ካልእ ክፈልጦ ዘለኒ ነገር ከ ኣሎ ዶ?

ናጽላታት ናይ BCG ክታበት ዝወስዱሉ እዋን ብዘየገድስ፡ ነቶም ልሙዳት ክታበታቶም ናይ ክልተ ወርሒ ዕድመ ምስመልኡ ክወስድዎም ይኽእሉ እዮም።

ይኹን`ምበር፡ ደቅና ኣብ ሓደ መሓውር ካልኣይ መርፍእ ከይውግኡ ክንጥንቀቕ ግን ይግባእ፤ ምኽንያቱ ክታበት BCG ድሕሪ ምውሃቡ ኣብ ዘለዉ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ መርፍእ ካልእ ክታበት ኣብ ተመሳሳሊ መሓውር ምስዝውጋእ ሕበጥ ጽክታት ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ኣብ መጻኢ ከም መወከሲ ምእንቲ ክገልግል ድማ፡ ደቅና ዝወሰድዎ ክታበት BCG፡ ንዕኦም ኣብ ዝምልከት ውልቃዊ መዝገብ ጥዕና ህጻን (PCHR) ከምዝሰፈረ ነረጋግጽ።

# ውላደይ ክታበት BCG ክወስድ ከምዘድልዮን ከምዘየድልዮን ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?

ንነፍስወከፍ ካብ`ዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዘለኩም መልሲ “እወ” እንተኾይኑ፡ ደቅኹም ክታበት BCG ክወስዱ ይግባእ፤ ማለት ነዚ ክታበት እዚ ድሮ ወሲዶሞ እንተዘይኮይኖም።

- ሓደ ካብ ወለዲ ናይ ዝምልከቶ ህጻን ወይ ድማ ሓደ ካብ ወለዲ-ወለዱ፡ ልዑል መጠን ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ካብ ዘለዎ ከባቢ (ኣብ`ዚ ተዘርዚሩ ኣሎ፡- www.gov.uk/government/publications/tuberculosis- tb-by-country-rates-per-100000-people/who-estimates-of-tuberculosis-incidence- by-country-and-territory-2020-accessible-text-version ) ዝመጸ ድዩ?
- ኣብ ቀረባ መጻኢ፡ ንስኻትኩም ወይ ደቅኹም ናብ ሓንቲ ካብ`ዘን ሃገራት እዚኣተን ጌሽኩም ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ክትቕመጡ ወይ ብቐጻሊ ክትመላለሱ ዲኹም?
- ብሕማም ቲ.ቢ. እተጠቕዐ፡ ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብሕማም ቲ.ቢ. ተጠቒዑ ዝነበረ ድዩስ ካብ`ዘን ሃገራት እዚኣተን ዝመጸ ሰብ ምስ ስድራ-ቤትኩም ይነብር ኣሎ ዶ፤ ወይ ድማ ምስ ውላድና ንነዊሕ እዋን ብኣካል ዝዋሳእ?

# ንዓይ ወይ ንውላደይ ዝኸውን ክታበት BCG ክእዝዝ እኽእል ዶ?



እቶም ምስ ሕማም ቲ.ቢ. ብዝተኣሳሰር ፍሉይ ኵነተ-ተኣፋፍነት ዘለዎም ሰባት (ኣብ ላዕሊ ንመልከት) ጥራይ እዮም ክታበት BCG ዝወስዱ። ክታበት ቅድሚ ምውሃቡ፡ ነዚ መምዘኒ እዚ ከምእተማልኡን ከምዘይተማልኡን ንምፍላጥ ጥዕናዊ መርመራ ክግበረልኩም እዩ።

ንሕማም ቲ.ቢ. ድዩስ ንክታበት BCG ወይ ንኻልእ ክታበት ብዝምልከት ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ ሓበሬታ ምስእትደልዩ፡ ወይ ድማ እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብኻልእ ቋንቋ ክወሃበኩም ምስእትደልዩ ንዶክተርኩም፡ ንጥዕናዊ ኣማኻሪኹም፡ ንመሕረሲ/ት ወይ ንዝከታተለኩም ነርስ ተወከሱ። ከም ካልእ ኣማራጺ ድማ ነዚ ገጽ መርበብ እዚ ከፊትኩም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፡- **www.nidirect.gov.uk/conditions/tuberculosis-tb#toc-4**

# መስርሕ ፍወሳ ሕማም ቲ.ቢ. ነዊሕ እዋን ከምዝወስድ ኣይትረስዑ። ስለዚ ምክልኻሉ ኣዝዩ ዝቐለለ እዩ።


Public Health Agency

**Public Health Agency**
12-22 Linenhall Street, Belfast BT2 8BS.
Tel: 0300 555 0114 (local rate).
www.publichealth.hscni.net


ኣብ`ዚ ርኸቡና፡-